DANSK FLYGTNINGE HJÆLP



# ናብ ዓድኻ ብዛዕባ ምምላስ

ናብ ዓድኻ ፈቲኻ ብዛዕባ ምምላስ ንዕቑበኛታትን ንካልኦት ተሰደድትን ዝወሃብ መግለጺ

## ናብ ዓድኻ ንምምላስ ሓሳብ ምስ ዝህልወካ

ዕቑበኛታት ይኹኑ ካልኦት ስደኛታት ናብ ዓዶም ብዛዕባ ምምላስ ተራድኦ ዕቑበኛታት ደንማርክ ምኽሪ ይህብ እዩ። ኣብ ደንማርክ ይኹን ኣብ ዓለም ዘለዉ ናይ ስደት ሽግራት ብቐዋምነት ንኽፍትሑ ንሰርሕ።

## ናይ ገንዘብ ሓገዝ

- ኣብ 2018 ኣብ ዓዶም ናብራ ንኽጅምሩ ንዓበይቲ ክሳብ 136. 432 ክሮ. ይወሃብ
- ቈልዑ ክሳብ 41643 ክሮ ይወሃቦም

እዚ ከኣ ኣብ ክልተ እዋናት ይኽፈል -ቀዳማይ ክፍሊት ጉዕዞ ኣብ ዝጀመረሉ፤ እቲ ካልኣይ ከኣ -ንዓበይቲ ክሳብ 81926 ክሮ ፡ ንቈልዑ ክሳብ 24.986 ክሮ ኣብ ዓድኻ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕካ ይኽፈል።

## ካልኦት ዓይነታት ሓገዝ

- ንጉዕዞ ዝወጽእ
- ናይ ባዕልኻ ንብረት ንምግዓዝ ወይ ንናይ ባዕልኻ መናበሪ ዘገልግሉ ኣቑሑ ንምግዛእ ዝወሃብ
- ንስራሕ ዘገልግሉ ነገራት
- ናይ 4 ዓመት ናይ ጥዕና ውሕስና
- ንሓደ ዓመት ዘገልግል መድሓኒት
- ዘድልዩ ናውቲ ረዲኤት ጉድለት ኣካል
- ኣብ 5-16 ዓመት ዘለዉ ቈልዑ 4 ዓመት ንኽመሃሩ ዝወጽእ ገንዘብ
- ንጉዕዞ ዘገልግሉ ወረቓቕቲ ኣብ ምውጻእ ደገፍ ምግባር

## 55 ዓመት ዝገበርካ እንተደኣ ኴንካ

ዕድመኻ እንተነኣሰ 55 ዓመት እንተድኣ ኰይኑ፡ ካብ ደንማርክ ሓደ ውሱን መጠን በብወርሒ ከም ሓገዝ ይኽፈለካ።

ከም ዝውቱር ንሓደ ወርሒ ዝወሃብ መጠኑ ካብ 2800 ክሮ ክሳብ 5500 ክሮ እዩ። ነዚ ምቕባል ንምኽኣል ኣብ ደንማርክ እንተወሓደ ን 5 ዓመታት ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝነበረካ ክትከውን ይግባእ።

## መሰል ጣዕሳ

**ዕቑበኛታት** ናብ ዓዶም ንምምላስ ዝገበርዎ ውሳነ ከጠዓሱሉ፤ ከም ልሙድ ከኣ ኣብ ውሽጢ 1 ዓመት ናብ ደንማርክ ክምለሱ መሰል ኣለዎም። እዚ ክበሃል እሳቶም ኣብ ደንማርክ መሰላት ክወሃብዎም ይኽእሉ ማለት እዩ። ናብ ዓደይ ምምላሰይ ኣጣዒሱኒ ምስ ዝበሃል ግን፡ ነቲ ናብ ዓድኻ ንኽትምለስ እተወሃበ ሓገዝ መሊስካ ክትከፍሎ ኣለካ።

**ካልኦት ተሰደድቲ፡** ናብ ዓዶም ንኽምለሱ ሓገዝ ተገቢሩሎም፡ ድሕሪ ምጉዓዞም ናብ ደንማርክ ተመሊሶም ናይ ምምጻእ መሰል የብሎምን። ንዓኣቶም እቲ ዝወሰኑዎ ዘይቕየር ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፤ ኣብ ደንማርክ ክነብሩ እንክለዉ ንዝነበርዎም መሰላት'ውን ተሳናቢቶሞም ማለት እዩ።

## ብተወሳኺ ንምፍላጥ እንተደኣ ደሊኻ

ናብ ዓድኻ ንምምላስ ኣብ ሓሳብ ዘለኻ እንተደኣ ኴንካ፡ ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽና ክትረኽቦ ንእትኽእሎ ናይ መግለጺ ሰንጠረጅ ክትልእከልና ትኽእል። ኣብ ውሳነ ንኽትበጽሕ፡ ብዛዕባ መሰላትካን ዝከኣሉን ናይ ነፍሰ ወከፍ ዝርርብ ብምግባር ንገልጸልካ።

ድልየትካ ምስ ዝኸውን ተርጓሚነ ቕርብ። ስራሕና፡ እስኻ ኣብ እትገብሮ ውሳነ ዘገልግለካ ምኽሪ ምሃብ እዩ።

# ምኽሪ ንህበሎም እዋናት
# ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ
# ሰዓት 9 - 15

ዳንኛን እንግሊዝኛን
ስልኪ 33 73 50 00

ካብ ዳንኛ ንላዕሊ ብናይ ዝኽተሉ ሃገራት
ቋንቋታት ምኽሪ ይወሃብ

ቦዝኒያ/ሰርብያ/ክሮኣትያ
ስልኪ 33 73 52 33

ዓረብኛን ኩርዲን (ሶራኒ)
ስልኪ 33 73 52 28

ናብ ዓድኻ ኣብ ምምላስ ብዛዕባ ዘለዉኻ መሰላት ጭቡጥ ናይ ባዕልኻ ምኽሪ ትደሊ እንተደኣ ኰንካ፡ ኣብ ናይ ኢንተርነት ገጽና ክትረኽቦ ንእትኽእሎ ናይ መረዳእታ ሰንጠረጅ፡ ክትመልእ የድሊ።

[www.atvendehjem.dk](http://www.atvendehjem.dk)
[www.flygtning.dk/atvendehjem](http://www.flygtning.dk/atvendehjem)

ብዝኽተል'ውን ክትጽሕፈልና ትኽእል
[atvendehjem@drc.ngo](mailto:atvendehjem@drc.ngo)